# ዕርቂ ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራዊያን

ወዲ ሰብ ፍጥር ክብል ከሎ ቂምን ቅርሕንትን ሒዝወን ኢዩ ተበጊሱ። ነዚ ብዙሕ ምርምርን ሓተታን ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን። ታሪኽ ክልተ ኣሕዋት ቃኤልን ኣቤልን ምዝካር ጥራሕ ይኣክል። ቂምን ቅርሕንትን ግን መበገሲኡ እንታይ ኢዩ? ካብ ብዙሕ ምኽንያታት፣ ከም በደል እቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓደ ምፍጻም ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ቅንኢ ዝመበገሲኡ ቅርሕንቲ ግን እቲ ዝኸፍኤ ኢዩ።

ወዲ ሰብ ግን ንምንታይ እቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓደ በደል ዝፍጽም? ነዚ ባህርያዊ ኢዩ እልካ ኽትምልሶ ኢዩ እቲ ዝቐለለ። ምኽንያቱ ስነፍልጠታዊ ሓበሬታ ከምዘረዳኣና ደቂ ሰባት ኣብዚኣ ዓለም ክንብሮም ዘኽእል ተፈጥራዊ ሕጊ ሓደ እቲ ዕዉት ይነብር ኢዩ ዝብል (The fittest survives)። ተፈጥራዊ ሕጊ ከምዚ ካብ ኮነ፣ ዕዉት ንምዃን ኣቢሉም ንምንባር፣ ኣብ መንጎ ፉጡራት ቃልሲ ንምንባር ክህሉ ግድን ኢዩ። ደቂ ሰባት ካብ እንስሳታት ዝፈልዮም ነገር እንተሎ ነዚ ተፈጥራዊ ኩነታት ኣብ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከየምርሕ ብማለት ወዲ ሰብ ዝፈጠሮ ሕግታት ብምምዕባል ናብ ረብሓ ደቂ ሰባት ዘቕነዔ ኣወንታዊ ሳዕቤናት ምቕላሶም ኢዩ። ደቂ ሰባት ዘማዕበልዎ ሕጊ እንተዘይህሉ ኤሩ ናብራ ደቂ ሰባት ካብ ናብራ እንስሳታት ኣይምተፈልየን።

እቲኤን ናይ መጀመርያ ሕጊ ብደቂ ሰባት ዝወጻ ከም ትእዛዝ ዝፍለጣ እቲኤን ዓሰርተ ትእዛዛት ዝብሃላ እየን። ቅዲም እዝኤን ዓሰርተ ትእዛዛት ዝነበረ ናይ ደቂ ሰባት ሕጊ ኣሎ ዝብል ዘሎ ኣይመስለንን እንትርፎ እቲኣ ክፉእን ጽቡቕን እተፍልጥ ትእዛዝዶ ኽንብላ ወይስ ምዕዶ። እሰን'ውን እንተኾና ካብ ሰማያት ዝተለገሳ ምዃነን ኢዩ ዝንገረለን። እቲ ናይ ደቂ ሰባት ንምንባር ዝግበር ጎነጻት ምስ ግዜ እንዳሓየለን እንዳተራቐቐን ከይዱ እምበር እዝኤን ዝተጠቕሳ ዓሰርተ ትእዛዛት ኡኮ ምኣኽላ  ኤረን። ግን ኣይተኻእለን። ስለዚ ምስ ምዕበለ ደቂ ሰባት ሓቢሩ ዝኸይድ ኩሉ ሳዕ ሕግታት ክምዕብሉ ግድን ኢዩ። እምብኣር ኣብዚ ጉዳይ'ዚ እዚ ኢዩ ኣቃልቦና ብዛዕቢ ዕርቂ ከዘዙው ዘለዎ። ከመይሲ እቲ ንምልዮናት ዘሳቐን፣ ሕንፍሽፍሽን፣ ምጉስቛልን ዘስዕብ ጠንቂ ዘይምርድዳእ ስለዝኾነ።

ሕጊ ንደቂ ሰባት ብደቂ ሰባት ዝወጽእ ስርዓተ ኣልቦነት ንምውግድ ተባሂሉ ኢዩ። ባእሲ ዝፈጥሮ ቅርሕንቲ ብውልቀ ሰባት ደረጃ ክኸውን ይኽእል። ብቤተሰብ ደረጃ'ውን ክኸውን ይኽእል። ብኣሕዛብ ደረጃ'ውን ክኸውን ይኽእል። ነዚ ኹሉ ቂምን ቅርሕንታትን ብሕጊ ጥራሕ ክትምእዝዞ ዝከኣል ኣይኮነን። ብተወሳኺ ዕርቂ ክውሰኾ ኣለዎ። እንተድኣ እቲ ዕዉት ኢዩ ንምንባር ዝቕጽል ኢልና ኣብ ዓወት ንምብጻሕ ኣብ ቅዲሜኻ ዝጸንሖ ምእላይ ባህርያዊ ኢዩ። ነቲ ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ ጸገም ንምእላይ ብልሓት ድዩ ጉልበት ኮታስ ኣሎ ዝብሃል መእለይ ክትጥቀም ግድን ይኸውን። ኣብዚ ከኣ ኢዩ እቲ ጎነጽ ዝብገስ። እቲ ጎነጽ ኡኮ ባህርያዊ ኢዩ። ከመይሲ እቲ ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ኣብ ዝኾነ ግዜ ልዕሊ እቲ ድልየት ደቂ ሰባት ስለዝኾነ። ነቲ ኣብ መንጎ ተፈጥሮኣዊን ደቂ ሰባት ዝፈጥርዎን ሕግታት ዘሎ ሃጓፍ ዝመልእ ዕርቂ ኢዩ። ከመይሲ ተፈጥሮኣዊ ሕጊ፣ ጎነጽ ደቂሰባት ንምውጋድ ኣይተፈጥረን። ከምኡ'ውን ደቂ ሰባት ዝፈጥርዎ ሕግታት ንተፈጥሮ ኽቆጻጸር ስለዘይክእል ኢዩ። ኣብ ሐደ ግዜ ከም እኒ መንግስቱ ሃይለማርያም ዘኣመሳሰሉ፣ መራሒ ደርጊ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ፣ ካበይ ከምዘምጽኦ ዘይፍለጥ ፍልስፍና ንተፈጥሮ ኽንቆጻጸሮ ንኽእል ኢና ኢሉ ኣብ ኣደባባይ ዝተዛረቦ እንትርፎ ዓጀውጀው ካልእ ክኸውን ስለዝይክእል ግምት ከይሃብካ ተሓልፎ ጉዳይ ምዃኑ ጥራሕ ኢዩ እቲ ዘጸናንዓካ። ነዝን ከምዝን ዝኣመሳሰለ ኣብ ግምት የእትኻ ግን ዕርቂ እቲ ግቡእ ቦታኡ ክሕዝ ከምዘለዎ ትዕዘብ። ኣብቲ ዓበይቲ ኣብነታት ጥራሕ ከይተወከሳካ ብንኣሽቱን ደቀቒትን ነገራት ኡኳ ብዛዕባ ኣገዳስነት ዕርቂ ምዝታይ ይከኣል ኢዩ። ከም ኣብነት ኣብዚ ቕንያት'ዚ ነዚ ጽሑፍ'ዚ እንዳኣደለኹ ከለኹ ዝገጠመኒ ነገር ከዕልለኩም።

ዕለቱ 12.09.09 ኢዩ። ኣነን ብዓልቲ ቤተይን ንእሽቶ ወደይን መርዓ ተዓድሚና ንኸደልኩም። እቲ ዕድመ ስዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቐትሪ ኽትረከቡልና ብኽብረት ንዕድመኩም ኢዩ ዝብል። ንሕና ከኣ ከምቲ ብኽብረት ዝዓደሙና ንኽብረቶም ክንብል ኣብ ሰዓትና መጻእና። ምችእቲ ኢያ እልና

ዝመረጽናያ ቦታ ሓደ ኣሳሳዪ ኣይፋልኩምን እዚ ንቤተሰብ ዝተሓዝኤ ቦታ ኢዩ ኢሉ ስለዘተንበሃልና ካልእ ቦታ ሒዝና ተቐመጥና። ኣጋጣሚ ኮይኑ ዝፈልጡና ሰባት መጹ'ሞ ኣብዚኣ ክቢ ጠሬጴዛ ሓብርናዶ ኽንከውን በሉና'ሞ ሓንጎፋይ እልና ብሩህ ገጽ ኣርኣናዮም። ከም ፍሉጥ ንጸልኦም ሰባት ነይሮም እንተዝኾኑ ገጽና ጽውግውግ መበልናዮ። ምስእዝኦም ፈተውትና፣ ኣብ ሓንቲ ክቢ ጠሬጴዛ ኮፍ እልና፣ ዝቐረበ ሽሻይ ተቛድስና፣ መርዓውን መርዓትን ዝግብኦም ክብሪ ሂብና፣ ሰናይ ግዜ እንዳሕለፍና ግዜ ድሮ ስዓት ሸውዓተ ናይ ምሸት ኮይኑ። ማለት እቲ ውራይ ተጀሚሩ ኣስታት ሰለስተ ስዓት ሓልፉ ኣሎ። ድንገት ሓደ ኣሳሳይ ነዚ ወድኻ ኣልዕሎ ነዚኣ ወንበር ደልየያ ኣሎኺ ኢሉኒ። ኣነ ኸኣ ወደይ ኣበይ ኮፍ ክብል ኢለ ተወክሰዮ። እሱ ከኣ ሕጂ ኣጋይሽ ስለዝመጹ ንስኻ ዋላ ሕቖፎ ኢሉኒ። ወደይ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ኢዩ። ወደይ ግዚኡ ኣኽብሩ ዝመጸ ዕዱም ክነሱ ምእንቲ መጎጎ ትሕለፍ ኣንጭዋ ኢለ ንወደይ ተስእ ክብሎ ከለኹ ሓደ ካብቲኦም ምሳና ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ነቲ ኣሳሳይ ኣብቲ ባዶ ወንበር ኣሎካ እልዎ። እቲ ኣሳሳዪ ግልብጥ ኢሉ ነቲኣ በዶ ወንበር ወሰዱዋ። እቲ ኣሳሰዪ ብእዋኑ መጺኡ ግን ይቕረታ ሓቲቱኒ። ኣነ'ውን ከምዘይተቐየምክዎ ገሊጸሉ። ሓቂ ዘረባ ይሓይሽ እቲኣ መጺኡ ይቕረታ ዝሓተተኒ ኢያ ከምዝምብርከኸ ዝገበረትኒ። ልክዕ ኢዩ ምስዚ ኣሳሳዪ ናይ ነዊሕ ዓመታት ጽቡቕ ፍልጥ ኣሎና። ብሓንቲ ንእሽቶ፣ ግን ኣዚያ ተነቃፍት ዝኾነት ኣጋጣሚ ምሕዝነትና ኽጽየቕ ኣይመምሓረን። ኮይኑ ግን እቲኣ ይቕረታ ትብል ቃል፣ ኣርባዕተ ፊደላት ክነሳ፣ ልዕሊ ኹሉ ቃላታት ኮይና ጉዕዞ ምሕዝነትና ከምዝቕጽል ጌራቶ። መዓስ እዚ ጥራሕ !!! ነመጻኢ'ውን ካብቲ ዝነበረና ኣፍልጦ ብሕጂ ከኣ ኣኽብሮት'ውን ክሕውሰሉ ኢየ። ካብዚ ቀጺለ ምስ እዚኣ ልዕል ኢለ ዘዘንተኹልኮም ዛንታ ብኣንጻሩ መታን መምኹም ክትፈርዱ ቅድሚ 18 ዓመት ዘጋጠመኒ ኽዘንትወልኩም።

ኣብ ሓደ ኣከባቢ እሞ ኸኣ ኣብ ሓደ ብሎክ ከም ሓደሽቲ ስደተኛታት መጠን ብሓደ ንዘውርን ነዕልልን ዝነበርና ብጻየይ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ በዲሉኒ። እቲ ዝፈጸሞ በደል ተሰዊሩ ዝተርፍ ኢዩ መስልዎ ኔሩ። ኮይኑ ግን መዓልቱ ሓልዩ እቲ በደል ተኸሺሑ'ሞ ብሕብሕብእ ዘይኮነስ ብግልጺ ክልተ የዕንቱ እንዳረኣኹ ስለምንታይ ከምኡ ከምዝገበረ ሓትተዮ። እቲ ዘገርም ነቲ በደል ከምዝወዓሎ እንዳፈለጠ ኣነ ዝይኮንኩ ሽይጣን ኢዩ ውዕልዎ ኢሉ ኣብ ፍልስፍናን ነዊሕ ሓተታን ኣትዩ ኣሰልክዩኒ። ኣብ መንጎና ዝነበረ ፍልልይ ኣነ እቲ በደል ባዕሉ ስለዝፈጸሞ ባዕሉ ይቕረታ ክሓትት ከምዝለዎ ክሓቶ ከለኹ እሱ ብግልባጡ እዚ ስራሕ ሽይጣን ስለዝኾነ ይቕረታ ዝሓትሉ ምኽንያት ከምዘየለ ኢዩ ዝከራኸረኒ ኔሩ። ኣነ ብወገነይ ክብደት ናይቲ በደል ኣብ ግምት ከየእተኹ ሓቂ ብሓቂ ኢየ ዝብለኩም ይቕረታ እንተዝሓትተኒ ርክብናን ዕርክነትናን ከም ቀደሙ ምቐጸለ። እቲ ዘገርም ግን ቁልቁል ዝኣፋ ተረካብ ይዓድዮ ከምዚብሃል ጉዳይካ ምስ ሽይጣን ኢዩ ዘሎ ዝዓይነቱ ዘረባ ከስመዓኒ ጀምሩ። ተውሳኹ ሽይጣን ዕድሉ ምሩር ኮይኑ እምበር እቲ ጉዳይስ ባዕሉ እዚ ውልቀሰብ ዝወዓሎ ኢዩ ኔሩ። ኮይኑ ግን ኣብቲኣ እምነቱ ስለዝጸንዔ መንገድኻ ጨርቂ ይግበረልካ እለዮ ሓዲገዮ ተመርቂፈ። ድሕሪ ነዊሕ እዋን ኣብዚ ኦስሎ ርእየዮ። ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ሳሕቲ የጋጥመኒ ኢዩ እንተኾና ተረጋግጽና እምበር እቲ ናይ እግዚኣብሄር ሰላምታ'ውን የብልናን። ኣነ ብወገነይ ይሓዝን ናቱ ግን ባዕሉ ኢዩ ዝፈልጦ። ጽቡቕ ኣይረኸበን ሕማቕ ኢዩ ዘሎ። ማለት ሓተታ ከየብዛሕክልኩም ንኽትርእዮ ስለዘሕዝን። ኣብዚ ግን ነዚ ጽሑፍ ኣንባባይ ክሓቶ ዝደሊ ይቕረታ እልካ ምሕታት ነዊሪ ድዩ? ንባዕለይ ንሰብ ሰላም ክብሎ ይኽብደኒ። እንተ ይቕረታ ምሕታት ግን መጽረይ ኣፈይ ኢዩ እንተበልኩ የጋንን የለኹን። ብፍላይ እቲኣ ብእንግሊዝኛ ሶርይ (sorry) ትብል ኢያ ትፍተወኒ። ማለት እቲኣ ይቕረታ ብትግርኛ ከምዚ ዕጽቕ ዝበለት ስጋ ኮይና ስለትስምዓኒ።

ማሕረስስ ጌርካ ግን እንታይ ኣፍርኻ እንዲዩ እቲ ሕቶ ሕጂ ኣብቲ ቐንዲ ዛዕባ ንመለስ። ኤርትራዊያን ሓደ ካብቲ ብሉጽ ክብርታትና ይቕረ ይቕረ እልካ ነገር ገድፍካ ኣብ ሕውነትን ስኒትን ዝመርሕ ጉዕዞ ኢና ንመርጽ። እዚ ካብ ኣቦታትና ካብ ኣቦሓጎታትና ዝወርስናዮ ክብርታት ኢዩ። ንሳቶም ከምቲ ዓቅቦም ንዓና ዘሰጋገሩልና ንሕና ከኣ ሕጂ ኣብ ተግባር ኣዊዕልና ንመጻኢ ወለዶ ክነመሓላልፍ ሓላፍነት ኣሎና። መጻኢ ወለዶ ይኹን ንሕና ስኣን ይቕረ ይቕረ እልካ ዝሳወር ህውከት ይኹን ዝንተት ሕሰም ናብራ ቅድም ዝኣገረ ተሓታቲ ናትና ወለዶ ኢዩ ክኸውን። ነዚ ብሉጽ ክብሪ ኤርትራዊያን ንምዕቃብ መንግስቲ ኤርትራ ኮማዊ ፍርድ ቤታትን ሽማግለ ዓድታት ብምምስራት ጽቡቕ ኣንፈት ኣቲሕዝዎ

ኣሎ። ብዓል ኣቦይ ወልድኣብ ወልደማርያምን ኣቦይ ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ዝገደፉልና ህያው ኣብነት'ውን ስለዘሎ ንዑዑ ብምኽታል ኣብ ዕርቂ ክነዘዙው ይግባእ። ብፍላይ ከኣ ቤተ ክርስቲያናት ይኹና መስጊዳት ኣብነታት ናይ ዕርቂ ክኾና ዓለማዊ ጥራሕ ዘይኮነ ሰማያዊ ሓላፍነት'ውን ኣለወን።

እንተድኣ ዕርቂ ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራዊያን ኢዩ እልና ንሰማማዕ ኮይና ኣብ ዕርቂ ዘይምዝንባል ከም ምርኻስ ክብርታት ኤርትራዊያን ክንወስዶ ይግባእ። ክብርታት ኤርትራዊያን ኣራኽስካኽ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኽርከብ ዝኽእል ክብሪ ክህሉ ድዩ?

እምብኣር ኽብረት ክትረክብ ብመጀመርያ ክብርታት ሕዝቢ ኤርትራ ምኽባር። ዕርቂ ከኣ ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራ ስለዝኾነ ክኽበር ኣለዎ።

ጽቡቕ ቀውዒ ንኤርትራ እምነ።

ተጻሒፊ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ ኖርወይ።